# ብማርያም ኣቢልካ ነቲ ዝተሠገወ ጥበብ
# ኢየሱስ ክርስቶስ ምውፋይ

ኦ ዘለዓለማውን ሥጋ ዝለበስካን ጥበብ! ኦ ኣዚኻ ጥዑም ዝኾንካን ኣዚኻ እትምለኽን ኢየሱስ! ብሓቂ ኣምላኽን ሰብን ኡንኮ ወዲ`ቲ ዘለዓለማዊ ኣቦን ወትሩ ድንግል ማርያምን! ኣብ ዘለዓለማዊነትካ ኣብ ሑቕፍን ግርማን ኣቦኻ እምልኸካ፤ ኣብ እዋን ሥጋ ምልባስካ ኸኣ ኣብ ድንግላዊ ሕቍፊ ኣዚያ ብቕዕቲ ዝኾነት ማርያም ብዕምቈት እምልኸካ።

ካብ ናይ ዲያብሎስ ጨካን ባርነት ኽተናግፈኒ፥ መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ርእስኻ ከም ኢምንት ስለ ዝገበርካ አመስግነካ ኣሎኹ። ብእኣ ኣቢልካ ንኣይ እሙን ባርያኻ ምእንቲ ኽትገብር ብዅሉ ነገራት ንባዕልኻ ኣብ ትሕቲ ቅድስቲ ኣዴኻ ማርያም ኽትገብር ስለ ምድላይካ አመስግነካን እኽብረካን። ኣነ ግና ዘየመስግንን ጕደሎ እምነትን ብምዃን፥ ነቲ ኣብ ጥምቀተይ ብመብፅዓ ዝኣቶኹልካ ቃላተይ ኣይሓሎኽዎን፤ ግድነታተይ ኣየማላእኩን። ውሉድካ፥ አረ ባርያኻ`ውን ተባሂለ ክጽዋዕ ኣይግብኣንን፤ ኣብ ውሽጠይ`ውን ንቑጥዓኻን ንምንጻግካን ዘይበቅዕ ሓደ ነገር እኳ ስለ ዘይብለይ፥ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣዝዩ ቅዱስን ኽቡርን ዝኾነ ግርማኻ ንበይነይ ኽቐርብ ኣይደፍርን እየ። ምእንት`ዚ ኸኣ እየ ናብ ኣማላድነት ናብታ ንስኻ ኣማላዲት ኽትኮነኒ ዝሃብካኒ ኣዝያ ቅድስቲ ኣዴኻ ዝምዕቈብ ዘሎኹ። ብእኣ ኣቢለ ማዕሳን ናይ ኃጢኣተይ ምሕረትን፥ ንጥበብ ምርካባን ምዕቃባን ካባኻ ኽረክብ ተስፋ እገብር።

ሰላም ንኣኺ ኦ ብዘይ ኃጢኣት ኣዳም ዝተጠነስክን፥ እቲ ዘለዓለማዊ ጥበብ ኣብኡ ኪሕባእን ብመላእኽትን ብሰባትን ኪምለኽን ዚደለዮ ናይ መለኮት ሕያው ታቦት ዝኾንክን ማርያም! ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር ዘሎ ዅሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ግዝኣትኪ ዝኾነ፥ ሰላም ንኣኺ ኦ ንግሥቲ ሰማይን ምድርን! ምሕረትኪ ንሓደ እኳ ዘይጕድሎ፥ ሓቀይና ጸግዒ ኃጢኣተይናታት፥ ሰላም ንኣኺ። ንናይ መለኮታዊ ጥበብ ዘሎኒ ሃረርታታት ስምዕዮ፤ ምእንት`ዚ እውን ብትሕትና ናባኺ ንዘቕርቦ ዘሎኹ መብፅዓይን ወፈያይን ተቐበልለይ። ኣሜን።

http://catholicgheez.org/mary.php